# ንዓኺ፣ ቋንቋ ሽወደን ንወጻእተኛታት - “ኤስ.ኤፍ.ኢ” ንኽትመሃር ትዳሎ ዘሎኺ

## Till dig som ska studera sfi, svenska för invandrare

**እዚ “ኤስ.ኤፍ.ኢ” (Sfi) መባእታዊ ትምህርቲ ቋንቋ እዩ። ዕላማ ናይዚ “ኤስ.ኤፍ.ኢ” (Sfi) ድማ፥ ጽቡቕ ሽወደንኛ ክኢልካ፥ ኣብ ሕረተሰብን ኣብ ስራሕን ክትዋሳእ ንኽትክእል'ዩ። እቲ ካልእ ዕላማ'ውን፣ ነቲ መሰረታዊ ጽፍሒ “ትምህርቲ ሽወደን ከም 2ይ ቋንቋ”፥ ኣብ “Sva grund” ንኽትቕጽሎ እዩ። ኣብቲ ናይ “ኤስ.ኤፍ.ኢ” (Sfi) ጊዜ ትምህርትኻ፥ ምስ “ናይ ትምህርትን ሞያን መስመራት መራሒ” (studie- och yrkesvägledare) ንምርኻብ፥ ዕድል ክወሃበካ'ዩ። እዚ “ናይ ትምህርትን ሞያን መስመራት መራሒ” (studie- och yrkesvägledare) ድማ፥ ንሱ'ዩ ኣብቲ ምምራጽ ትምህርትን፣ ንመጻኢ ጊዜ ዝኾነካ ስራሕን ኣብ ምምራጽ ዚሕግዘካ።**

### ናይ ኤስ.ኤፍ.ኢ. ቤት ትምህርቲ ኣብ ቱምባ - Sfi-skolan i Tumba

ኣብ ናይ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ.” (SFI) ትምህርቲ ንምእታው ምስ ኣመልከትካ፥ ምስ ሓደ ”ናይ ቋንቋ ስነ-ትምህርቲ ክኢላ” (språkpedagog) ንኽትራኸብ ቆጸራ ክወሃበካ'ዩ። እዚ ”ናይ ቋንቋ ስነ-ትምህርቲ ክኢላ” (Språkpedagogen) ብዛዕባ ዘሎካ ናይ ትምህርትን ስራሕን ታሪኽ ብድሕሪ ምሕታቱ፥ ቅልል ዝበለ ናይ ቋንቋ መርመራ ክትገብር ኢኻ። ብድሕሪኡ ድማ'ዩ፣ እዚ ”ናይ ቋንቋ ስነ-ትምህርቲ ክኢላ”፣ ኣበየናይ መስመር ናይ ትምህርቲ ከም ትኸይድ ገምጋም ዝገብረልካ።

እዚ ናይ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ” ትምህርቲ ኣብ ሽወደን (Sfi i Sverige)፤ 1፣ 2፣ 3 ዝተባህለ ሰለስተ ናይ ትምህርቲ መስመራት፥ ከምኡ ውን A, B, C, D ዝበሃል ናይ ትምህርቲ ደረጃታት ዘሎዎ'ዩ።

እቲ መስመር ቁጽሪ 1፣ በቲ A ዝተባህለ ደረጃ ዚጅምር'ዩ። መስመር ቁጽሪ 2፣ በቲ B ዚጅምር'ዩ። መስመር ቁጽሪ 3 ድማ በቲ C ዚጅምር'ዩ። ብድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ትምህርቲ ድማ ተፈቲንካ፣ ምስክር-ወረቐት ክትረክብ ኢኻ። ኣብቲ ዚቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ንምጅማር፤ ናይቲ ቅድሚኡ ዘሎ ደረጃ ትምህርቲ ምስክር ወረቐት ክህልወካ የድሊ። ንሕና፣ ነዚ ናይ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ” ትምህርቲታት፥ ኣብ ጊዜ መዓልቲ፣ ወይ ምሸት፣ ወይ መዓልቲ-ቀዳም ወይ ውን ብናይ ርሑቕ ርክባት (distans) ትምህርቲ ክንህበካ ንኽእል ኢና።

እቲ ናይ ”Sfi-kurs B” ከምኡ ውን C፥ ብሓደ ናይ ሓሙሽተ ሰሙን ”መዳለዊ ትምህርቲ” (Introduktionskurs) እዩ ዚጅመር። ኣብዚ ጊዜ'ዚ ድማ፣ ናይ ቋንቋ ሽወደን መዳለዊ ክወሃበካ'ዩ። ብተወሳኺ፣ ብዛዕባ'ቲ ቤትትምህርቲን ብዛዕባ'ቶም ዝተፈላለዩ ናይ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ. ትምህርቲታትን” ሓበሬታ ክወሃበካ'ዩ። ምስቲ መምህር ብሓደ ሓቢርኩም ድማ፥ እቲ መጻኢ ትምህርትኹም ከመይ ከም ዚመስል፥ ነናይ ውልቅኹም መደብ-ትምህርቲ ክተውጽኡ ኢኹም።

ኣብቲ ትምህርቲ-C (kurs C) ነቲ ናይ ኤስ.ኤፍ.ኢ. ትምህርትኻ፥ ምስ ናይ ሞያዊ-ትምህርቲ (yrkeskurs) ክተዛንቖ ትኽእል ኢኻ። ብዛዕባ'ቲ ኣብ "ቱምባ" ዚወሃብ ናይ "ኤስ.ኤፍ.ኢ. ናይ ሞያዊ-ትምህርቲ ብዝበለጸ ክትፈልጥ ምስ ትደሊ፥ ምስ መምህርካ ተዛራረብ ወይ ውን ምስቶም ኣብ መቕበል ኣጋይሽ ዘሎዉ ሰራሕተኛታት ቤትትምህርትና ተዘራረብ። እቲ መቕበል ኣጋይሽ ኣብ 3ይ ደርቢ'ዩ ዚርከብ።

| |
|---|
| ኣብዚ "ቤትትምህርቲ "ኤስ.ኤፍ.ኢ" (sfi)፥ ሰብኡት፡ ኣንስቲ፡ ነንበይኑ ዓይነታት ሃይማኖት፡ ባህሊን ድሕራ-ባይታን፡ ጾታዊ ዝምባሌን ዘሎዎም ሰባት ዘሎዉዎ ቦታ'ዩ። ስለዚ ነንሕድሕድካ ምክብባርን ሓልዮት-ሓድሕድን ክህሉ የድሊ። |

## ሓደ ሓድሽ ቋንቋ ክትመሃር

ኣብዚ ናይ "ቱምባ ኤስ.ኤፍ.ኢ." ቤትትምህርቲ፥ ኣብ ብዙሓት ሰባት ወይ ሒደት ሰባት ኣብ ዘሎዉዎ ጉጅለ ክትመሃር ኢኻ። ገለ እዋናት ውን፡ ኣብቲ ውሽጢ ቤትትምህርቲ ወይ ኣብ ወጻኢ፥ ብውልቅኻ ወይ ምስ ካልኦት ሓቢርካ እትዓየሉ ኩነታት ኣሎ'ዩ።

ኣብዚ ናይ "ኤስ.ኤፍ.ኢ." ቤትትምህርቲ'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ክፍሊ፡ ኵሉ እዋን ብቛንቋ ሽወደን ኢና ንዛረብ። ብዝተኻእለ መጠን ብቛንቋ ሽወደን ደኣ ክትዛረብ ፈትን።

ኣብዚ ናይ "ኤስ.ኤፍ.ኢ." ቤትትምህርቲ'ዚ፡ እቶም መምህራን ነንበይኑ መሳርሒ-ትምህርቲ ይጥቀሙ እዮም። ንመምሃሪ ዚኸውን ነንበይኑ መሳርሒታት፥ ንኣብነት ጋዜጣታት ወይ ካልእ "ሚድያ"፡ "ናይ ቋንቋ ፕሮግራማት"፡ "ብሎጋር"፡ "ኣይ-ፓድ" ወይ "ኮምፕዩተር" ክኸወን ይኽእል'ዩ።

ኣብዚ ናይ "ኤስ.ኤፍ.ኢ." ቤትትምህርቲ'ዚ፡ "Google Classroom" ንጥቀም ኢና፥ እዚ ሓደ ጽቡቕ "ዲጂታላዊ-መድረኽ" እዩ። ነቲ ትምህርቲ ክትጅምር ከሎኻ፡ እትጥቀመሉ "መእተዊ መንነት" ክወሃበካ'ዩ።

### ሓላፍነት ናይ ትምህርትኻ ናይ ባዕልኻ'ዩ

ኵሉ ጊዜ ኣብ ሰዓትካ ክትመጽእን ኣብቲ ጊዜ ትምህርቲ ውን፡ ነጢፍካ ክትሳተፍን ኣገዳሲ'ዩ። መጽናዕትኻን እቲ ዝተዋህበካ ዕዮ-ገዛን፥ ብግቡእ ክትሰርሖን፡ ነቲ ዘተመሃርካዮ ውን ክትደግሞን ክትጥቀመሉን፥ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ።

እንተ ሓሚምካ ወይ ንሓደ መዓልቲ እንተ በኹርካ፥ ነቲ ብምኽንያቱ ዘምለጠካ ትምህርቲ፥ ናትካ ሓላፍነት'ዩ። ኣብ ቤትትምህርቲ ክትርከብ ዘይትኽእል ምስ ትኸውን፥ ኵሉ ጊዜ ንመምህርካ ክተፍልጦ ይግብኣካ። ኣብ "ኤስ.ኤፍ.ኢ." ቤትትምህርቲ ንኽትርከብ ጸገም ምስ ዚህልወካ፥ ንስኻን መምህርካን ብሓደ ዄንኩም፡ ናይ ትምህርትኻ ካልእ ፍታሕ ክተናድዩ ትኽእሉ ኢኹም።

### ኣብ ትምህርትኻ፡ ከከምቲ ዓቕምኻ ኢኻ ትስጉም

ንሕና፡ ሓሙሽተ ሰሙን እናሰገርና ኢና ሓደስቲ ተመሃሮ ንቕበል። ስለዚ ድማ እቶም ተመሃሮና፡ ዝጀምሩሉን ዝፍጽሙሉን ዕለታት ነንብይኑ'ዩ። ነቲ ክትበጽሖ ዘሎካ ዕላማ ምስ

**በጻሕካ ኢኻ፥ ነቲ ትምህርቲ ትፍጽሞ። ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለየ ጊዜ ክወስደሎም ይኽእል'ዩ። እቲ ኣብዚ ንሓደ ቤትትምህርቲ'ዚ፡ሰብ ንምጽናሕ ዝፍቀደሉ ናይ ጊዜ ደረት ኣሎዎ፥ እዚ ግን ከከምቲ ዘመረጽካዮ መስመር ትምህርቲ ዚውሰን'ዩ። እንተ ደኣ መምህርካ ነቲ ትምህርቲ ኣብቲ ዝተወሰነሉ ጊዜ ክተማልኦ ከም ዘይትኽእል ገምጋም ጌሩ፥ ሽዑ ስጉምቲ ከም ዚውሰድ ይግበር።**

**እቲ ትምህርትኻ ክዛዘም ከሎ፥ ”ሃገራዊ-ፈተና” (Nationellt prov, NP) ክትገብር ኢኻ። ነዚ ፈተና'ዚ ንምውሳድ ድልዊ ምኧንካ ኪውስን ዚኽእል፥ እቲ መምህርካ'ዩ። ነቲ ትምህርትኻ ምስ ወዳእካ፡ ምስክር-ወረቐት ክወሃበካ እዩ።**

## ሓደ ሓድሽ ቋንቋ ንኽትመሃር ጊዜ ዚወስድ ምኳኑ ክትርዳእ ኣገዳሲ'ዩ

**ክተስተውዕልሉ ዚግባእ፡-**

- **ደቅኻ ሒዝካ ናብ ቤትትምህርቲ ምምጻእ ኣይፍቀድን'ዩ።**
- **ኣብ ትምህርቲ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ.” እንተ ዘይተረኺብካ፥ ብኸራትካ ክምዝገብ'ዩ። ካብ 21 መዓልታት ንላዕሊ ክትበኩር ኣይፍቀደልካን'ዩ። እንተ ሓሚምካ ወይ ኣብ ዕረፍቲ ምስ ትኸውን፥ ኩሉ ጊዜ ንቤትትምህርቲ ሓበሬታ ክትህብ ይግባእ።**
- **ኣብ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ.” ምቕዳሕ ክልኩል'ዩ።**
- **ብምኽንያት ናይ ”ኣለርጂ ሕማማት” (ሓሳስያ)፥ ኣብዚ ቤትትምህርቲ ብዙሕ ጨና-ፈረንጂ ምጥቃም ኣይፍቀድን'ዩ።**
- **ሽጋራ ምስታይ፡ ኣብቲ ካብ ቤትትምህርቲ ወጻኢ ምልክት ተጌሩሉ ዘሎ ቦታ፥ ጥራ'ዩ ክተትክኽ ዚፍቀደልካ።**
- **ናይ ባርዕ-ሓደጋ ምልክት ምስ ዘውጭጭ፥ ቀልጢፍካ በቲ ኣብ ቀረባኻ ዘሎ ካብ ሓደጋ መህደሚ ኣፍ-ደገ ወጺእካ፥ ናብቲ ካብ ቤትትምህርቲ ውጽእ ኢሉ ዘሎ፥ ሰፊሕ ማኪናታት ደው ዚብላሉ ቦታ ኪድ። ኵሉ ንብረትካ ሓዲጋ ክትወጽእ ጥራይ ፈትን።**

**ናብዚ ኣብ ”ቡት-ሺርካ” ዚርከብ ናይ በጽሒታት ቤትትምህርቲ ”ኤስ.ኤፍ.ኢ.” ንምጅማር ብደሓን ምጹ!**